<u>**ኣቦ መንበር ዲምሓኩኤ ተጋዳላይ ቀርነልዮስ ዑስማን ንክልቲኡ ረዲዮ ጣቢያታት ጋዜጣዊ መግለጺ ሂቡ**</u>



ኣቦ መንበር ዲሞክራሲያዊ ምንቅስቓስ ሓርነት ኩናማ ኤርትራ (ዲምሓኩኤ) ተጋዳላይ ቀርኒልዮስ ዑስማን፡ ስርዓት ህግደፍ ኣብ ልዕሊ ብሄር ኩናማ ብጃምላ ዝወስዶ ዘሎ ናይ ማእሰርቲ ስጉምቲ ኣመልኪቱ ንሬድዮ ዲምሓኩኤን፡ ሬድዮ ዲምክራሲያዊ ውሕስናን ጋዜጣዊ መግለጺ ሂቡ፡፡ ካብ ወርሒ ሕዳር 2015 ናይ መጀመሪያ ሶሙናት ጀሚሩ ክሳብ ጥሪ 2016 ሳልሳይ ሶሙን ኣብ ዘሎ ግዜ፡ ደቂ ኣንስትዮ ሓዊሱ ልዕሊ ሚእቲ ኣባላት ኩናማ ብጃምላ ከም ዝኣሰረ ሓቢሩ፡፡

እዞም ካብ ቢንቢልናን ካባቢኡን ዝተታሕዙን ንግዝኡ 11 ደቂ ኣንስትዮ ሓዊሱ ናይ 73 ኣባላት ኩናማ ሙሉእ ሽም ዝርዝር ዝተታሕዙሉ ዕለትን ስርሖምን ብዝምልከት ዝኣክል መጽናዕቲ ገይሩ ንኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ከም ዝሰደደ ሓቢሩ፡፡ ናይቶም ዝተረፉ 27 ኣባላት ኩናማ እውን እኹል መጽናዕቲ የካይድ ከም ዘሎን፡ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ወዲኡ ከም ዘቅርብ መሪሕ ውድብ ዲምሓኩኤ ቃል ከም ዝኣተወ ሓቢሩ፡፡ ስርዓት ህግደፍ ኣብ ሓጺር እዋን ክንዲ እዚ ዝኣክል ኣባላት ኩናማ ናይ ምሓዙ ምኽንያት፡ ኣብ ልዕሊ ብሄረ ኩናማ ዘለዎ ኲቱር ጽልኣት ምኻኑ ሓቢሩ፡፡ ኣብ 2000 ዓ.ም ብተመሳሳሊ መንገዲ ልዕሊ 200 ዝኾኑ ኣባላት ኩናማ ብጃምላ ከም ዝኣሰረን፡ ውድብ ዲምሓኩኤ እውን ዘድሊ መጽናዕቲ ገይሩ ንመሰል ደቂ ሰባት ኣብ ዝጣበቓ ትካላት ሰዲዱ ከም ዝነበረ ንመዘኻኸሪ ወሲኹ ሓቢሩ፡፡